## ጽልዋ ዓባይ ሰዓል

### ዓለምለኻዊ
ብዓለም ደረጃ ክርኤ እንከሎ ቲቢ ካብቶም ዓበይቲ ሽግራት ጥዕና ምዃኑ እዩ።
ዓለማዊ ማሕበር ጥዕና ብግምት ሐደ ሲሶ ክፋል ናይ ዓለም ህዝቢ ብቲቢ ከምዝልክፍ ይሕብር።
ክሳብ 9.2 ሚሊዮን ዝኾኑ ሐደስቲ ተርእዮታት ክአ ይልለዩ ብስንኪ እዚ ሕማም ክኣ 1.5 ምልዮን ሰባት ብሞት ይቕዘፉ።

### ብሃገር ደረጃ
ኣብ ካናዳ ኣብ ዝሓለፍ ዕስራ ዓመታት ዝተጋህደ ቁጽሪ ናይ ብንጡፍ ቲቢ ዝተለኽፉ ሰባት ከምዝጎደለ ይሕበር ይኹን እምበር ኣብ 2004 ክሳብ 1613 ዝኾኑ ንጡፋት ጉዳያት ተጋሂዶም።

### ዞባዊ
ብገምጋም ኣብ ሚድልአሰክስ ላነዱን10 ዝኾኑ ሓደስቲ ጉዳያት ንጡፍ ቲሚ ይኸሰቱ።
ተጻዋርነት ጸረ ቲቢ መድሓኒታት ኣብ ከባቢና ከምዘሎ እውን ተለሊዩ ኣሎ።

## ቲቢ ክበሃል እንከሎ እንታይ እዩ?

ቲቢ ብሰንኪ ሓደ ዓይነት ባክተርያ ማይኮባክተርዩም ቱበርኩለሲስ ዝበሃል ዝመጽእ እዩ።
መብዛሕትኡ ጊዜ ንሳንቡእ ጥራሕ እዩ ዝለክፍ ብተወሳኺ ንኻልእ ክፋል ኣካላትና እውን የጥቅዕ እዩ።

## ቲቢ ብኸመይ ይዝርጋሕ?

ቲቢ ብኣየር እያ ትመሓላለፍ ገሊኦም ሰባት ተላጋቢ ሰዓል ዝሓዞም ምስ ዝሰዕሉ፤ ሕንጥሽው ምስ ዝብሉ ወይ ድማ ክዛረቡ እንከለዉ ካልእ ሰብ ኣብ ጥቕኦም ዘሎ ነቲ ዝተለኽፈ ኣየር ናብ ውሽጢ ሳንቡኦም ምስ ዘተንፍሱን እዩ።

> ብሓፈሻ ሓደ ሰብ በዚ ሕማም ንኽልከፍ እንዲሕር ደኣ ኮይኑ ንነዊሕ ጊዜ እሞ ኸኣ ተደጋጋሚ ምስ ድሮ ዝተለኽፈ ዝራኸብ ክኸውን ከሎ ጥራሕ እዩ።

## ድጉል ቲቢ እንታይ ማለት እዩ?

ናይ ቲቢ ባክተርያ ንውሽጢ ሳምቡእ ምስትንፋስ ንሐድ ሰብ እየሕምሞን እዩ ምክንያቱ እቲ ኣብ ውሽጢ ኣካላቱ ዘሎ ናይ ምብያን ተኽእሎ ረኽሲ ስለ ዝከላኸለሉ። እቶም ባክተርያ ዋላ ህያው ደኣ ይኹኑ እምበር ኣብ ኣካላቶም ተደጉሎም ይጸንሑ። እዚ ብድጉል ወይ ድማ ድስኩል ሕማም ቲቢ ይፍለጥ። ብድጉል ቲቢ ዝተለኽፉ ሳባት ሕሙማት ኣይኮኑን፤ ሕማም ከመሓላልፉ እውን ኣይክእሉን።

## ንጡፍ ቲቢ ማለት እንታይ እዩ?

እንድሒር ደኣ ናይ ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኣካሉ ዘሎ ናይ ምብያን ተኽእሎ ነቲ ናይ ቲቢ ባክተርያ ጠጠው ከብሎ ዘይክኢሉ ንጡፍ ቲቢ የማዕብሉ
ገለ ካብቶም ምልክታት ሕማም ቲቢ ከምዞም ዝስዕቡ ይኸውን

- ሰዓል
- ደም ዝሓዘለ ዓኽታ ምስዓል
- ረስኒ
- ረሃጽ ለይቲ
- ጉድለት ሚዛን
- ድኻም

ንጡፍ ቲቢ ንሳንቡኡን ሻምቡቆታት ኣየርን ምስ ዝትንክፍ ተኣፋፊ ይቑጸር ካልእ ክፋል ኣካላትና ምስ ዝትንክፍ ግን ተኣፋፊ ኣይቁጸርን።

## ድጉል ቲብ ናብ ንጡፍ ቲቢ ክቕየር ይኽእል ዶ?

እወ እንድሒር እቲ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ዘሎ ኣንጻር ሕማም ናይ ምብያን ተኽእሎ ነቶም ባክተርያ ካብ ምፍራይ ጠጠው ከብል እንተዘይኪእሉ
ብንጡፍ ቲቢ ናይ ምልባድ ተኽእሎ ብ 5% ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርያ መልከፍቲ ክምዕብል ይኽእል። ብድሕሪ እዚ ጊዜ ናይ ንጡፍ ቲቢ ምምዕባል ኣብ ዝተረፍ ህይወቱ ናይ 5% ዕድል ኣለዎ።

## መንዮም ከ ናብ ንጡፍ ሕማም ቲቢ ግስገሳ ዘርእዩ?

እዞም ዝሰዕቡ ሰባት እቶም ዝለዓለ ግስገሳ ሕማም ናብ ንጡፍ ቲቢ ዘምርሕ ይሀልዎም
እቶም ኣዝዮም ንኣሽቱን ኣረጋውያንን ኣብ ኣዝዩ ሻቕሎት ዝመልአ ህይውት ዝርከቡን ብዝተፈላለየ ናይ ጥዕና ምኽንያት ትሑት ኣንጻር ሕማም ናይ ምብያን ተኽእሎ ዘለዎምን።

> ኩሎም እቶም ብንጡፍ ቲቢ ዝተጠቕዑ ብኽፍሊ ጥዕና ሙሉእ መርመራ ጥዕና ይግበረሎም። እቶም ልዑል ጽልዋ ናይዚ ሕማም ዝነበሮም ናይ ቲቢ ናይ ቆርበት መርመራ ንኽገብሩ ይተባብዑ።

## ናይ ቲቢ ናይ ቆርበት መርመራ እንታይ እዩ?

ብመጠኑ ውሑድ ዝበለ ፈሳሲ ቱበርኩሊን ፕሮተይን ዝበሃል ኣብ ትሕቲ ቆርበት ቅልጽምካ ትውጋእ፤ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ቅልጽምካ ክትምርመር ትምለስ፤ መርመራ ድሕሪ ምክያድ ግብረ መልሲ ናይቲ መውጋእቲ ምስ ዝህሉ ዓቐን ይውሰድ ገለ ስፍሓት ዘለዎ ግብረ መልሲ ምስ ዝርኤ ጥራሕ እዩ ሓደ ሰብ ኣወንታዊ ምልክት ነቲ ጽልዋ ናይ ቲቢ ዝህልዎ

## ኣወንታዊ መርመራ ናይ ቆርበት እንታይ ማለት እዩ?

መብዛሕትኡ ጊዜ ኣወንታዊ ግብረ መልሲ ክበሃል ከሎ ሐደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ሂወቱ ብ ናይ ቲቢ ባክተርያ ከምዝተለኽፈ ዝሕብር ዝሕብር እዩ።
ሓኪም ተወሳኺ መርመራ ከም ናይ ዓኽታን ኤክስረይ ኣፍ ልቢን ይገብር ምእንቲ ንጡፍ ቲቢ ዘለካን ዘይብልካን ንምርግጋጽ
ክልቲኦም ንጡፍን ድጉሉን ቲቢ ኣወንታዊ ግብረ መልሲ የርእዩ።

> ሕማም ቲቢ ክውገድ ክፍወስ ከመኡውን ክድሕንን ዝኽእል እዩ።

### ፍወሳ

መብዛሕትኡ ጊዜ ንንጡፍ ቲቢ ዝፍወሱ ከምኡውን ሕማም ዝከላኸሉ ጸረ ነፍሳት ይርከቡ እዮም።
እቶም ቲቢ ንምጥፋእ ብዙሕ ንጥቀመሎም ኣፋውስ ከምኒ ኣይሰኒያዚድ፤ ፒሮዚናሚድ፤ ሪፋምፒን ከምኡውን ኤታንቡቶልን ዝበሃሉ እዮም። እንድሒር ደአ ድጉል ቲቢ ሃሊዩካ ሓኪምካ ምእንቲ ካብ ድጉል ናብ ንጡፍ ቲቢ ከይሰጋገር ዝሕግዝ ፕሮፊላክሲስ ዝተባህለ ፈውሲ ን ካብ 9 ክሳብ 12 ኣዋርሕ ዝወስድ ይእዝዘልካ።

**ኣብ ኦንቶርዮ ንቲቢ ዝኸውን ኩሉ መድሓኒት ብነጻ ይወሃብ፡ ሓኪምካ ኩሉ እዚ መድሃኒታት ካብቲ ክፍሊ ጥዕና ክእዝዘልካ ይኽእል።**

### መልከፍቲ ብኤችኣይቪን ቲቢን

ኤችኣይቪ እቲ ናይ ኣካላትና ናይ ምህመና ተኽእሎ ኣድኪሙ ነቲ ናይ ቲቢ መልከፍቲ ናይ ምቅላስ ዓቕሚ የዳኽሞ።
ኣብ መላእ ዓለም ቲቢ እቲ ዝለዓለ ጠንቂ ናይ ሞት ኣብ መንጎ እቶም ኤችኣይቪ ተሰኪሞም ዝኸዱ ሰባት እዩ። በዚ ምኽንያት ኩሎም እቶም ብቲቢን ኤችኣይቪን መለከፍቲ ዝተለለዩ ሰባት ኣስተምህሮ ብዛዕባ እዚ ሕማም ክወሃቦምን ብቕጽበት ከኣ ክፍወሱን ይግባእ።

### ተጻዋሪ - ፈውሲ ባክተርያ

እቲ ፈውሲ ቲቢ ዝጻወር ቲቢ በቶም ብሓፈሻ ንፍወሳ እንጥቀመሎም ኣፋውስ ክፍወስ ኣይክእልን። እቶም ንጡፍ ቲቢ ዘለዎም ሰባት መድሃኒቶም ብግቡእ ምስዝወስዱ እቲ ናይ ቲቢ ባክተርያ ጠባያቱ ለዊጡ ነቲ መድሃኒት ስለዝለማመድዎ ዋጋ ዘይብሉ ይገብሮ።
ካብኡ ብምቕጻል ከኣ እቲ ብቲቢ ዝተለኸፈ ሰብ ነዚ ተጻዋርነት ዘለዎ ባክተርያ ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፍ ይኽእል። ኣብ ዓለም ብመጠን ተጻዋርነት ዝተፈላለየ ደረጃ ሒዞም ዝኸዱ ናይ ቲቢ ባክተርያ ኣለዉ፤ ገሊኦም ንምፍዋሶም ኣዚዮ ኣሸጋሪ እዩ።
በዚ ምኽንያት ኩሉ እቲ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ክውሰድ ኣለዎ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ
ጋንታ ምክልኻል ተላጋቢ ሕማም
ክፍሊ ጥዕና ሚድልኣሰክስ - ላንደን
519-663-5317 ኤክስተንሽን 2330

## መወከሲታት

ምሕዝነት ጠጠው ንቲቢ
www.stoptb.org
ዓለማዊ ማሕበር ጥዕና
www.who.int/en/
ትካል ኮማዊ ጥዕና ካናዳ
www.publichealth.gc.ca
ማሕበር ሳንቡእ ካናዳውያን
www.lung.ca
ሽማግለ ኤይድስ ላንደን
www.aidslondon.com

**Middlesex-London Health Unit**
50 King St., London, ON N6A 5L7
tel: (519) 663 - 5317 • fax: (519) 663 - 9581
health@mlhu.on.ca


Strathroy Office - Kenwick Mall
51 Front St. E., Strathroy ON N7G 1Y5
tel: (519) 245 - 3230 • fax: (519) 245 - 4772

An Accredited Teaching Health Unit

MIDDLESEX-LONDON HEALTH UNIT

# ቱበርኩለሲስ

## ናይ ዝሓለፈ ዘመን ዘይኮነስ ህሉው ሕማም



## ሐቕታት

www.healthunit.com